## ዘፍጥረት 50

15 ኣሕዋት ዮሴፍ ኣቦኦም ከም ዝሞተ ምስ ረኣዩ፡ ምናልባሽ ዮሴፍ ይጸልኣና እሞ፡ እቲ ዝገበርናዮ ኹሉ ኽፉእ ከኣ
ይፊድየና፡ በሉ።
16 ንዮሴፍ ድማ፡ ኣቦኻ ቅድሚ ሞቱ ኽምዚ ኢሉ ኣዘዘ፡ ኢሎም ለኣኹሉ፡
17 ንዮሴፍ፤ እቲ ኽፉእ ዝገበሩኻ በደል ኣሕዋትካን ሓጢኣቶምን ሕደገሎም ሕድርኻ፡ በልዎ። ሕጂ ኸኣ በደል ባሮት
ኣምላኽ ኣቦኻ ይቕረ ኽትብል፡ ንልምነካ ኣሎና። ዮሴፍ ምስ ተዛረብዎ በኸየ።
18 እቶም ኣሕዋቱ ድማ ከይዶም ኣብ ቅድሚኡ ፍግም ኢሎም ወደቑ፡ እንሆ፡ ንሕና ገላዉኻ ኢና፡ ከኣ በልዎ።
19 ዮሴፍ ድማ፡ ኣይትፍርሁ። ኣነዶ ኣብ ክንዲ ኣምላኽ እየ፧
20 ንስኻትኩም ንኽፉኤይ ሓሰብኩም፡ እግዚኣብሄር ግና፡ ከምቲ ሎሚ ዅይኑ ዘሎ ኺገብር ብዙሕ ህዝቢ ምእንቲ
ኼድሕን፡ ንጽቡቕ ሓሰቦ።
21 ሕጂ ኸኣ ኣይትፍርሁ። ኣነ ንኣኻትኩምን ንቈልዑኹምን ኽቕልበኩም እየ፡ በሎም። ኣጸናንዖም ድማ፡ ንልቦም
ዜሐጉስውን ተዛረቦም።

## ፊሊ. 1

6 እቲ ኣባኻትኩም ሰናይ ግብሪ ዝጀመረ ኸኣ፡ ንሱ ኽሳዕ እታ መዓልቲ የሱስ ክርስቶስ ከም ዚፍጽሞ፡ እዚ ተረዲኤዮ
ኣሎኹ።
7 ብመቕውሒይ ኰነ ብናይ ወንጌል ምምጕራይን ምጽናዕን ኵላትኩም ብጸጋ መማቕልተይ ስለ ዝዀንኩም፡ ኣብ ልበይ
ስለ ዘሎኹም፡ ምእንቲ ዅላትኩም እዚ ኽሐስብ ቅኑዕ እዩ።
8 ብለውሃት ክርስቶስ የሱስ ንዅላትኩም ከመይ ገይረ ኽም ዝናፍቐኩም፡ ኣምላኽ ምስክረይ እዩ።
9-11 ንኽብሪ ኣምላኽን ምስጋናኡን እቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዚርከብ ፍረ ጽድቂ መሊእኩም፡ ክሳዕ እታ መዓልቲ ክርስቶስ
መዓንቀፊ ዜብሎምን ንጹሃትን ምእንቲ ኽትኰኑ፡ እቲ ዚሓይሽ ክትምርምሩ፡ እቲ ፍቕርኹምውን ብፍልጠት ብምስትውዓል
ዘበለ ዅሉን ኣዝዩ እናበዝሐ ኪኸይድ፡ እዚ እልምን ኣሎኹ።

## ማቴዎስ 18

21 ሽዑ ጴጥሮስ ቀርቢ ኢሉ፡ ጐይታይ፡ ሓወይ እንተ በደለንስ፡ ክንደይ ሳዕ ክሐድገሉ፧ ክሳዕ ሾብዓተዶ፧ በሎ።
22 የሱስ በሎ፡ ክሳዕ ሰብዓ ሳዕ ሾብዓተ እምበር፡ ክሳዕ ሾብዓተ ሳዕ ኣይብለካን።
23 ስለዚ መንግስተ ሰማያት ምስ ባሮቱ ኺጻባጸብ ዝደለየ ንጉስ ትመስል።
24 ኪጻባጸብ ምስ ጀመረ፡ እልፊ መክሊት ዕዳ ዘለዎ ናብኡ ኣቕረቡ።
25 ዚፈድዮ ምስ ሰኣነ ግና፡ እቲ ጐይታኡ፡ ንሱን ሰበይቱን ደቁን ዘለዎ ዅሉን ኪሸይጥ እሞ እቲ ዕዳ ኺፍደ ኣዘዘ።
26 ሽዑ እቲ ባርያ ተደፊኡ፡ ጐይታይ፡ ተዐገሰኒ፡ ኵሉ ኸኣ ክፈድየካ እየ፡ ኢሉ ሰገደሉ።
27 ጐይታኡ ድማ ነቲ ባርያ መሐሮን ፈትሖን፡ ዕዳኡውን ሐደገሉ።
28 እቲ ባርያ ምስ ወጸ ግና፡ ካብቶም ብጾቱ ሚእቲ ዲናር ዕዳ ዘለዎ ሓደ ባርያ ረኸበ። ሒዙ ኸኣ፡ ኣባኻ ዘሎ ዕዳ ፍደየኒ፡
ኢሉ ሐነቖ።
29 ሽዑ እቲ ብጻይ ባርያ፡ ተዐገሰኒ፡ ኵሉ ኽፈድየካ እየ፡ ኢሉ ተደፊኡ ለመኖ።
30 ንሱ ግና ኣበዮ፡ ከይዱ ድማ፡ ክሳዕ ዕዳኡ ዚፈዲ፡ ኣእሰሮ።
31 እቶም ብጾቱ ባሮት ዝገበሮ ርእዮም ብዙሕ ጒሀዩ። ከይዶም ከኣ፡ ዝዀነ ዅሉ ንጐይታኦም ነገርዎ።
32 ሽዑ ጐይታኡ ጸዊዑ፡ እታ ኽፉእ ባርያ፡ ኣነ ኽንዲ ዝለመንካኒ ብዘሎ ዕዳኻ ሐደግኩልካ።
33 ንስኻኸ ኽምቲ ኣነ ዝመሐርኩኻዶ፡ ነቲ ብጻይካ ኽትምሕሮ ኣይምተገብኣካን፧ በሎ።
34 ጐይታኡ ዅሪዩ፡ ኵሉ ዕዳኡ ኽሳዕ ዚፈዲ፡ ንዜጽብቡሉ ኣሕሊፉ ሀቦ።
35 ነፍሲ ወከፍኩም ነንሓዉ ነቲ በደሉ በብልብኹም ይቕረ እንተ ዘይበልኩምሉ፡ እቲ ሰማያዊ ኣቦይ ድማ ከምኡ
ኺገብረኩም እዩ።